ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.187 ሰንበት 6 ሚያዝያ 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ቀቢላ ብሮክፓስ


ገጽ 4
ጒሓፍና፡ ብግቡእ'እንተደኣ..


ገጽ 5
ካብ ተመክሮታት መንዓዝያ

ገጽ 7

ሓደቲ- ኣንስተይቲ ጎደናዊ ሳዕቤናት ...

# ማእከል - ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ስነ-ቑጽሪ ዘንጸባርቕ ዓውደ-ትርኢት ቀሪቡ

ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ስነቑጽሪ ዘንጸባርቕ ዓውደትርኢት፡ "ምዕቡል ኤርትራዊ ሸውሃት ኣብ ስነቑጽሪ" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ማእከል ትማሊ 5 ሚያዝያ ኣብ ቀጽሪ ኢክስፖ ቀሪቡ።

ነቲ ዓውደትርኢት፡ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል - ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ ከፊትዎ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ መማህር በላይ ሃብተጋብር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ነቲ ኣብ ስነቑጽሪ ክርአ ዝጸንሐ ድኽመት ንምፍዋስ፡ ኣብ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ምርኩስ ብምግባር፡ ኣብ ኣገባብ ኣመሃህራ ንዘተኣታተዉ ለውጥታትን ንዘተኻየደ ስልጠናታትን ንምንጽባርቕ ከም እተወደበ ገሊጹ።

ነቲ ኩነታት ንምምዕጋም ንምምሕያሹ ስጉምቲ ንምውሳድ፡ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ኣብ 2024 ዓውደዛዘ ከምዝወደበ፡ ንኣስታት 800 መማህራን ሓለፍቲ ኣመራርሓ ትምህርትን ድማ ስልጠናታት ከምዝሃበ ብምጥቃስ፡ ወጽኢቱ ኣተባባዒ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ወኪል ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም ብወገኑ፡ ኣብ ስነቑጽሪ ዝርአ ድኽመት ንምፍዋስ ብደረጃ ሃገር ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ጠቒሱ፡ ኣገባብ ኣመሃህራ ብምምሕያሽን ኣተሓሳስባ ተመሃሮ ብምቕያርን ዝሓሸ ወጽኢት ንምምዝጋብ፡ እቲ ስራሕ ቀጻሊ ከምዝኸይድ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንልዕሊ 40 ዓመታት ዓውደትምህርቲ ስነቑጽሪ ከምህሩ ንዝጸንሑን ዘለዉን 21 ጉዱያት መማህራን፡ መዓልያን ወረቐት ምስክርን ተዓዲሎም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣቐዲመን - ኣብያተትምህርቲ 2ይ ደረጃ ሰማእታትን ኣስመራ ሓፈሻዊን መዓልቲ ስነቑጽሪ፡ ቤትትምህርቲ ኢብራሂም ሱልጣን ድማ መዓልቲ ማሕበራዊ ስነፍልጠት ከብዕላ ከለዋ፡ ዝተረፋ ኣብያተትምህርቲ ድማ ኣብ ዝቕጽል መዓልታት ከምዝካየዳ ተፈሊጡ ኣሎ።


ስእሊ ሮቤል መረስዕ

# ኣፍዓበት - ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ዘተኩረ ንጥፈታት ይካየድ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ዓቕሚ ሓረስቶት ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ከምኡ'ውን ዕቃበ ሃብቲ ማይ ክብ ንምባል ሰፊሕ መደብ ይስላሰል ከምዘሎ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ እድሪስ ዑስማን ሓቢሩ።

ኣብ ምምሕዳራት ከበቢ ቃምጨዋ፡ ህሪዮን ኩብኩብን ዝተጀመረ ልምዓት ኣሕምልቲ፡ ብዘተዋህለለ ተሞክሮ፡ ከምኡ'ውን ክኢላታት ሕርሻ ብዝሃብዎ ስልጠናታትን ኣስተምህሮታትን ኣብ ባይታ ለውጢ የምጽእ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ናብ ልምዓት ፍረታት ኣራንሺ፡ ተምርን ለሚንን ናብ ዝሰጋገረሉ ደረጃ በጺሑ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣቶ እድሪስ ኣሰዪቡ፡ ውሕሰት ዝስተ ማይ ሰበን ጥሪትን ንምውሓስ፡ ብህዝቢ፡ ሓይልታት ምክልኻልን ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎን ኣብ ምምሕዳራት ከበቢ ምህዳፍ፡ ኣይዳብ፡ ኣስቃቅን ሻባይ-መንደርን ዝተሃንጸ ዲጋታት ዒቢ ኣስተዋጽኦ ይገብራ ከምዘለዋ ብምሕባር፡ ኣብ ከበኣን ክሳብ 500 ሄክታር ይለምዕ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ውሕስነት ዝስተ ማይ ሰብ ንምርግጋጽ ታኒከራት ብምውዳድ ዝካየድ ዘሎ ስራሕ፡ ምስ ብዙሒ ተቐማጦን ዝዋኖማ ሰድራቤታትን እኹል ስለዘይኮነ ክቕጽል ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብቲ ስራሕ ንዝስተፋ ዘለዋ ኣሃዱታት፡ ብቐንዱ ድማ ንፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ፡ ክፍላተ-ሰራዊት 30ን 31ን ከምኡ'ውን ህዝቢ መጒሱ።

ሓላፊ ልምዓት ማይ ከተማ ኣፍዓበት ኣቶ በረኸት ገብረሂወትን ካብ ኩባንያ ዓዲ-ሃሎ ኣቶ ኣሮን ምስእብርሃን ብወገኖም፡ መስርሕ ምዝርጋሕ ናብ ንቑጣታት ጽሩይ ማይ 50 ሚኢታዊት ከምእተዓመን እቲ ስራሕ ብጽቡቕ ይቕጽል ከምዘሎን ኣረጋጊጾም።

ነብርቲ ብወገኖም፡ ኣቐዲሞም ዝስተ ማይ ንምርካብ ርሑቕ ክጓዓዙ ይግደዱ ምንባሮም ብምዝካር፡ ነቲ ዝዕመም ዘሎ ስራሕ ንምዝዛም ካብኦም ዝሕተት ኣበርክቶ ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾም።



# ብሞያ ዝሰልጠኑ 123 መንእሰያት ተመሪቖም


ስእሊ - ዳኒኤል ወልዱ

ሃገመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን፡ ኣብ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ንፍሒ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብሞያ ዘሰልጠኖም 123 ተመሃሮ ብ2 ሚያዝያ ተመሪቖም።

ሰልጠንቲ፡ 52 ብዮገራፊክስ፡ 22 ብምትካል ደሽ፡ 49 ድማ ብምትካል ጸሓያዊ ጸዓት ከምዝሰልጠኑ፡ ሓላፊ ሃገመተኤ ኣብ'ቲ ኮሌጅ ኣቶ ፊሊሞን መልኣከ ሓቢሩ።

ሓላፊ ክፍሊ ምህንድስና ዕደና ዶ/ር ሃብተኣብ ጸገ ብወገኑ፡ ኣብ ንእስነትካ እትመልኮ ሞያ ኣብ መጻኢ ሂወትካ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ብዮዝበራዊ ስራሕ ክሞክሩዎ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ ሃገመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ሰለሙን ተኽለ ድማ፡ ሞያዊ ስልጠና ካብ ቀንዲ መደባት ማሕበር ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ንክበበኦም ብእወታ ክጸልዉ ትጽቢት ከምዝተገበረሎም ኣብሪሁ።

ኣብ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ንፍሒ፡ ዛጊት ብጠቕላላ 947 መንእሰያት ብዝተፈላለየ ሞያታት ከምዝሰልጠኑ፡ ሰነዳት የረድኣ።

ዜና

# ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ መምርሒ ብቕዓት ዘርኢ ድንሽ ንምግምጋም ዘተዩ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ንድፊ መምርሒ ምርግጋጽ ብቕዓት ዘርኢ ድንሽ ንምግምጋም ዝዘተየ ዓውደዘተ፡ ብ3 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዞባታትን ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎን ዝመጹ ክኢላታት ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ዝተሳተፉዎ ዓውደዘተ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስየኹ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዓውደዘተ ኣካል ንጥፈታት ናይ'ቲ ኣብ 2014 ዝቖመ ሃገራዊ ኮሚቴ ምዝርጋሕ ዘርኢ ምዃኑ ገሊጹ።

ድንሽ ኣብ ሃገርና ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ዓይነታት መግቢ ብምዃኑ፡ እቲ ዝፈሪ ዘርኢ ድንሽ ብቕዓቱ ተረጋጊጹ ናብ ሓረስቶት ንኽዕደል መምርሒ ስለዘድለ፡ እቲ ንድፊ ከምእተዳለወ'ውን ብዘወሃኸ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ዓውደዘተ፡ ፍርያት ድንሽ፡ ምስ ህላወ ብቕዓት ዘርኢ ክብን ስጠቕን ክቢል ስለዘጸንሐ፡ ብዓይነትን ብዝሕን ዝፈርየሉ መንገዲ ክዝተየሉ እንከሎ፣ ሚኒስትሪ ሕርሻ - ነቲ ሃገፍ ንምምላእ ዘርኢ ድንሽ ከብዝሕ፣ ዘርኢ ኣብ ዝውሕደሉ እዋን ድማ ካብ ደገ ከእቱ ከምዝጸንሐ ተገሊጹ።

ወለዶታት ድንሽ፡ ምስ ግዜን ዋሕዲ ጥንቃቐን ብሕማማትን ምጉዳል ምህርትን ክጸሉ ምጽንሖም ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ኣዚ ንምቁጽጻር፡ ሓረስቶት ካብ ዘይወማዕዊ ምንጪ ዘርኢ ካብ ምጥቃም ተሓፊቦም፡ ነቲ ብምርምር ተጸኒዑ ብቕዓቱ ተረጋጊጹ ዝቐርበሎም ዓሌታት ጥራይ ክጥቀሙ ከም ዝግባእ፡ ኣብ'ቲ ዝተነድፈ መምርሒ ኣጺሩ።

ኣብ'ቲ ንድፊ፡ ሓደ ዓይነት ዘርኢ ድንሽ ክሳብ ክንደይ ወለዶ ክቕጽል ከምዘኽእል፣ ኣገባብ ኣተዓቓቕብኡ፣ ምስ ተዘርአ ድማ ኣብ ክንደይ እዋን ምቁጽጻርን ምክትታልን ክግበረሉ ከምዘየግብእ'ውን ተዘርዚሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣተዓቓቕባ ድንሽ ኣብ ናይ ውልቀ-ሓረስቶት መኽዘን ቁጽጽር ክግበረሉ፣ ምንጪ ናይ ዝኣቱ ዘርኢ ድንሽ ክነጽር፣ መወከሲ መድሃኒት ሕማማትን ባልዓትን ድንሽ ክህሉ፣ ተቖጻጸርቲ ክኢላታት ብብዝሕን ብዓቕምን ክምደቡ፣ ኣሰጋእቲ ሕማማት ቫይረስ ልዑል ጥንቃቐን ቁጽጽርን ክግበረሎም ዝብልን ካልእን ለበዋታትን ርእይቶታትን ቀሪቡ።

ጠሉብ ድንሽ ብደረጃ ዓለም፡ ምስ ዕፉን ሩዝን ስርናይን ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ ኩይኑ፡ ኣብ ሃገርና ኣብ ከበሳታት ጥራይ ክብቆል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ'ዚ እዋን ግን ኣብ ቈላታት'ውን ይፍተን ከምዘሎ ዝፍለጥ'ዩ።

ካብ ሃገራት ዓለም፡ እተን 159 ድንሽ ዘፍርያ ክኸውና ከለዋ፡ ኣብ ዓመት ብሓፈሻ ካብ ኣስታት 18 ሚልዮን ሄክታር፡ ኣስታት 374 ሚልዮን ቶን ድንሽ ከምዝፈሪ፡ ጸብጻብ ዓለማዊ ውድብ መግብን ሕርሻን ይሕብር።



# ደቡብ - ኣብ ጉዕዞ ዕንቅፋት ዝፈጥሩ ኣግራብ ክጽልጸሉ ጻውዒት ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ጉዕዞ ተራኣይነት ብምድራት ጠንቂ ሓደጋታት ትራፊክ ዝኾኑ ኣብ ደረት ጽርግያ ዝበቖሉ ኣግራብ ንምእላይ ስጉምቲ ክውሰድ፡ ኣብ ፖሊስ ዞባ ደቡብ ሓላፊ መርመራ ሓደጋ ጳውሎስ ኪዳን ጸዊዑ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ብዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ሓያሎ ቦታታት ተራኣይነት ዝድርቱ ኣግራብ ከምዘለዉ ብምግላጽ፡ ምምሕዳራት ብፍላይ ከኣ ኣብ ሓለዋ ኣግራብ ዝተዋፈሩ ኣካላት ስጉምቲ ክወስዱ ተማሕጺኑ።



ብኣንጻር ማእዝን ተኸቲላ ምስ እትመጽእ ተሽከርካሪት ዝፍጸም ሓደጋ ክቡደቱ ዓቢ ምዃኑ ዝገለጸ ኣቶ ጳውሎስ፡ ኣብ ሕጊ ትራፊክ ተራኣይነት ዘጉድሉ ነገራት ምእላይ ፍቑድ ስለዘኾኑ፡ ተወሳኺ ሓደጋታት ከይሰዓብ ቅልጡፍ መፍትሒ ክግበረሉ ኣተሓሳሲቡ።

ብዘወሃኸ፡ ካብ ኣብዮተ መዚቓ ዝወጽእ ኣንጻብራቒ ብርሃን ኣብ ጽርግያ ብዘፈጥሮ ነጸብራቕ ሓደጋ ከስዕብ ዘሎ ተኽእሎ ልዑል ስለዝኾነ፡ ካብ ትካላት መዚቓ ዝወጹ ኣንጸባርቕቲ ርሕቀቶም ዝሓለወ ክኾኑ ጸዊዑ።

# ከረን - ጸገማት መስመር ረሳሕ ፈሳሲ ንምፍታሕ ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ከተማ ከረን፡ ንኣስታት ሰለስተ ኣዋርሕ ዝቐጸለን ኣስታት ሰለስተ ሚልዮን ናቕፋ ዝወድኣን ብሞሸነሪ ዝተደገፈ ቀዳማይ ገጽ መስርሕ ጽገና መስመር ረሳሕ ፈሳሲ፡ ተዛዚሙ።

ምስ ኣቀማምጣ ከተማ ተሳኒዩ ዝኸይድ መወከሲ ረሳሕ ፈሳሲን ደረቕ ጎሓፍን ንምውዳድ ነዊሕ ዝወሰደ መጽናዕቲ ክካየድ ምጽንሑ ዝሓበረ፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ረዘነ ኣርኣያ፡ እቲ ዝተዓመ ስራሕ ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

እቲ መስመር ብማእከል ህዝቢ ዝሓልፍ ብምዃኑ፡ ከቢታት ሰንጢቑ ዝሓልፍ ብምዃኑ፡ ከሸግር ዝጸንሐ ቦታታት ተለልዩ፡ ረሳሕ ፈሳሲ ብሓደ መስመር ናብ ዝተዓብኦ ቦታ ንምብጽሑ ዝተጀመረ ቀዳማይ ገጽ ናይ'ቲ ፕሮጀክት ከምዝተጻፈፈ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ መስርሕ፡ ካብ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ህዝቢ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ካብ ጣንያ ህንጻ ሰገንን ኣስታት 4 ሽሕ ጉልበት ከምዝተሳተፈ፡ ኣቶ ረዘነ ብዘወሃኸ ሓቢሩ።

"ጽሬት ከተማ ክሕሉ፡ ውሕሉል መስርሕ ምውጋን ጎሓፍ ክህሉ'ለዎ" ዝበለ ኣቶ ረዘነ፡ ደረቕ ጎሓፍ ምስ ረሳሕ ፈሳሲ ሓዊስካ ምጉሓፍ ብፍላይ ኣብ ትካላት ከምዝርአ ብምግላጽ፡ ሕብረተሰብ ንቕሓቱ ኣበርኺቱ ግቡእ ምሕደራ ጎሓፍ ክኽተል ኣዘኻኺሩ።

እቲ ናይ ጽገና መደብ ቀጻሊ ምዃኑ ዝገለጸ ኣቶ ረዘነ፡ ሕጽረት ባኒታትን እርጋን ናይ ጎሓፍ መካይንን ካብ ቀንዲ ብድሆታት ጽሬት ከተማ ብምዃኑ፡ ቈላሕታ ክግበረሉ ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ረዘነ፡ ኣብ'ዚ ስራሕ ንምዕዋት ንዝጸዓሩን ኣበርክቶ ንዝገበሩን ምስጋና ኣቕሪቡ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቀ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳ.ጶ. 1284

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ፊዮሪና |
| 10:30 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ-ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:20 | ፊልም ፈንቅል |
| 17:55 | ዶክመንት |
| 18:35 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋርዕት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ፍናተ-ሂወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥዑዑት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | OPEN MIC |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:15 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋርዕት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዘነዪ

ማርታ ክብሮም

## ቀቢላ ብሮክፓስ



ቀቢላ ብሮክፓስ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ብሩክፓስ ናይ ቲበት ዝነብሩ ካብ ዓሌት ቡታን ዝኾኑ ህዝቢ እዮም። ብመሰረት ኣፋዊ ዛንታ እቲ ቀቢሉ ኣብ 1347 ኣዝዩ ፍቱው ዝነበረ ንገሶም ብጸላእቱ ምስ ተሰየፈ፡ ናብቲ ሕጂ ዝነብርዎ ዘለዉ በረኽቲ ቦታታት ተሰደዱ። ምስኦም ድማ ጸሓፋት ቡድሃን ኣም ጅሞኑ ከምኡ'ውን ጣኢታት ኣምጽኡ። ሎሚ እዞም ቀቢላ ዝነብሩሉ ጫካ ዝዓብሰሎን ጽሩይ ወሓይዝን ዘለዎ ሰፊሕ ቦታ እዩ።

ብሰንኪ ጂኦግራፍያዊ ርሕቀትን ዘይምቹእ ኣቀማምጣን መራኽብን ሳይክተምን ናብ ዝበዝሓ ቀንዲ ዓዲታት ብሮክፓስ ክትበጽሕ ኣብ እትደልየሉ ግዜ ነቲ ልዕሊ 4000 ሜትሮ ብራኸ ዘለዎ ጎቦታት ብእግርኻ ክትሰኽሞም ኣለኻ።

ቀቢላ ብሮክፓስ ብቛንቋኦምን ቅዲ ኣዘራርባኦምን ዝተፈልዩ ቀቢላ እዮም። ቋንቋኦም 'ሚራ ሶግዛግፓ' ይብሃል።

ጅሞ ኩነኛር- ኣምላኽ እምባታት ንእትብሃል የምልኹ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቀውዒ ድማ ንኣምላኽም ንኽልተ መዓልታት ዝቐጽል ጽንብል ይገብሩላ።

ሃብትን በረኸትን ከምተምጽኣሎም ከኣ ይኣምኑ።

ቀደም ዘመን ኣብ'ዚ ቀቢላ ሓንቲ ሰበይቲ ብዙሓት ሰብኡት ክህልዉዋ ልሙድ ነበረ። መብዝሕትኦም ሰብኡት ከኣ ኣሕዋት ሓንቲ ስድራ ወይ ናይ ቀረባ ቤተ ሰብ ክኾኑ ይግደዱ ነበሩ። ብሮክፓስ ነዚ ተግባር ብእወታዊ ዓይኒ ጠሚቶም ይገብርዎ ነበሩ። ምኽንያቱ ድማ ሓደ ሰብኣይ ናብ በረኻታት ክወፍር ከሎ፡ ካልእ ድማ ኣብ ማእከል ዓዲ ኮይኑ ኣብ ንጥፈታት ንግዲ ክዋፈር ይኽእል። ስለዚ፡ እታ ሰበይቲ ሓደ ሰብኣያ ምስ ዘይህሉ፡ እቲ ካልኣይ ሰብኣያ ይከናኸና ነበረ።

መንበሪ ቦታ ናይዞም ቀቢላ መብዝሕትኡ በረኻን ኣዝዩ ቀራርን ብምዃኑ ንሕርሻ ምቹእ ኣይኮነን። ስለዚ መነባብሮኦም ኣብ መጓሰ ዝተመርኮሰ እዩ። ኣብዑርን ኣጣልን ከኣ የፍርዩ።


ቆርበት ናይ'ዞም እንስሳታት ድማ ብመልክዕ በደላ ምስ ጨው፡ ዘይቲ፡ ሽኮር፡ እኽልን ካልእ ኣድላዪ ዝበልዎም ነገራትን ምስቶም ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ህዝቢ ይላወጥዎ። ብዘይካ'ዚ ቆርበት ብዕራይ ንመስርሒ ክዳን፡ ቆብዕን ቴንዳ መጽለልን ይጥቀሙሉ።

ባህላዊ ኣልባሳት ደቂ ኣንስትዮ ብሮክፓስ፡ ካብ ቆርበት ብዕራይን በጊዕን ዝስራሕ እዩ። ብፍሉይ ኣገባብ ዝተሰርሐ ቆብዖም 'ጽፒ ቻፃ' ዝብሃል ኮይኑ ካብ ጸሓይን ኣብ ግዜ ክረምቲ ከኣ ዝናብ ናብ ገጾም ከይዛርሞም ይከላኸል።

ካብ ጥራዮም ዝረኽብዎ ጠስሚ እቲ ቀንዲ ምንጪ መግቦም ኮይኑ ኣብቲ ንዊሕ ግዜ ዝሸፍድ ቁሪ ዝዓብሰሎ ኩነታት ኣየር መቐት ይህቦም። ሃብቲ ብሮክፓስ ብዘውንኖም ብዝሒ ጥራዮም ወይ ኣፍራስ እዩ ዝልካዕ፡ ሓደ ሃብታም ኣባል ቀቢላ ብሮክፓስ ክሳብ 200 ጥራዕ ይውንን።

ቀቢላ ብሮክፓስ ሓደ ካብቶም ክሳብ ሎሚ ባህሎምን መንነቶምን ዓቂቦም ዝሸዱ ዘለዉ ኣህዛብ እዮም።

## ሃረማት ግብጺ



ሃረማት ግብጺ ብዘለዎም ፍሉይ ኣሰራርሓን ቅድን ኣገዳሲ ክፋል ናይ ባህሊ ግብጺ ክኾኑ ክኢሎም እዮም።

ዝዓበየ ሃረም ጊዛን ክልተ ንኣሽቱን ንመቓብር ፈርኦናት ኩፉ፡ ካፍረን መንካውረን ተባሂሉ ዝተሰለ እዩ። ዝዓበየት ፒራሚድ ጊዛ፡ ፒራሚድ ኩፉ ተባሂላ'ውን ትጽዋዕ ኮይና 147 ሜትር ቁመት ኣለዋ።

ፈርኦን ኩፉ ንፒራሚዱ ኣብ 2550 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ እዩ ክሰርሓ ጀሚሩ። እታ ፒራሚድ ንኽትስራሕ ኮቢ 2.3 ሚልዮን ኣእማን ወዲኣ። ብጠቕላላ ክብደት ናይ ሓንቲ እምኒ ካብ 2.5 ክሳብ 15 ቶን ይምዝን።

ግብጻውያን ኣብቲ መጀመርታ ንመሰረት ናይቶም ሃረማት ብቐርጺ ትርብዒት (ብኾሉ ጎድንታቱ ማዕረ) ገይሮም ይሰርሕዎም ነበሩ። ደሓር ግና ናብ ርቡዕ ኩርናዕ ቀየርዎ። ብመሰረት ተመራመርቲ ስነ ኩዕታ፡ ቁመት ናይ መብዝሕትኦም ሃረማት 62 ሜትር ክኸውን ከሎ፡ መሰረቶም ከኣ 109 ብ 125 ሜትር ገይሮም ይሰርሕዎ ከምዝነበሩ ይገልጹ። ድሕሪ ምህናጹ፡ ብእምኒ ኖራ (limestone) ይሸፍንዎ ነበሩ።

መናድቕ ሃረማት ኣዝዩ ረጒድ ነበረ። ኣብ ደብባዊ-ምብራቕ ናይ'ቲ ሃረማት ከኣ ንመቓብር ናይ ፈርኦናት ዝኸውን ዝተዓለወ ኣዝዩ ዓቢ መንደቕ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ መቓብር ፈርኦናት ተወሳኺ መካልኽሊ ተባሂሉ ዝተሰርሓሉ 40 ሜትር ቁመት ብዘለዎ መንደቕ ዝተኸበበ እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ እቲ መቓብር ፈርኦናት ካብ ሞት ምስ ተንስኡ ክኾኖም ተባሂሉ ዝተሰርሐ ዝተፈላለየ ክፍልታት ኣሎ። ኣስከሬን ናይ'ቶም ነጋውስ ብሰረቕቲ ከይስረቑ ተባሂሉ ድማ ናብ'ቲ መቓብር ዝወስድ መገዲ ጥውይዋይ ዝጠዙሖን ኣዝዩ ዝተሓላለኸን እዩ።

ሊልኣይቲ ሃረም ብፍሩ - ወዲ ካፉ ዝተሰርሐት እያ። እዚእ'ውን ኣብ 2550 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ክትሰራሕ ዝጀመረት ኮይና፡ ፍሉይ ኣሰራርሓ ዘለዋ እያ። ፍርቂ ዳሕረዋይ ወገና ገጽ ናይ ኣንበሳ ዘለዋ ክትከውን ከላ፡ እቲ ፍርቂ ናይ ቅድሚት ገጻ ከኣ ምስሊ ርእሲ ፈርኦን ዘለዋ እያ።

ፒራሚድ መንካውረ ካብ ናይ'ቶም ክልተ ፈርኦናት ዝሓሰት ኮይና፡ ንሓዘንን ንጸሎትን ዘገልግል ቤተ መቕደስ ከምዝነበራ ይፍለጥ።

ግብጻውያን ነቲ ፍሉይ ኣሰራርሓን ቅርጽን ዝበሮ ሃረማት ንምስራሕ ዘኽኣሎም ፍሉይ ክእለትን ናይ ማካኑት ብቕዓትን ከምዝነበሮም ክንርዳእ ንኽእል።

## ጆሲካ ኮክስ



ጆሲካ ኮክስ ኣብ 1983 ኣብ ኣመሪካ ዝተወልደት ድንቂ ጓለንስተይቲ እያ። ንሳ ወላ'ኳ ክልተ መሓውር ኣእዳው እንተዘይሃለዋ፡ ብዙሕ ንጥፈታት ክትገብር ኣይትእገምን። ብእግራ ተጠቂማ ኣካላታን ክዳውንታን ትሓጽብ፡ መግቢ ሰራሓ ትምገብ፡ ስፖርት ትገብር፡ ወዘተ። ብዘይካ'ዚ ኣእጋራ ጥራይ ተጠቒማ ነፋሪት ከተብርር ዝኸኣለት ቀዳመይቲ ሰብ እያ።

ጆሲካ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ውሑዳት ሰባት ዝርአ ጀነቲካውን ኣከባብያውን ጸገም እያ ብዘይ ኣእዳው ተወሊዳ። እንተኾነ ስንክልናኣ ከይዓገታ ንኹሉ እትገብሮ ንጥፈታት - ከም ብእግርኻ ምጽሓፍ፡ ኩሉ ዘቤታዊ ንጥፈታት ገዛን መኪና ምዝዋርን ብእግራ ብምዕቡእ ክተሰላስሎ ትኽእል። ኣብ ኮምፕዩተር ኣብ ሓደ ደቒቕ ክሳብ 25 ቃላት ብእግራ ክትጽሕፍ ትኽእል። ከምኡ'ውን ብእግራ ገይራ ኣብ ዓይና መረጼን ክትወዲ ፈጺሙ ዘይጽግማ ኣደናቒት ጓለንስተይቲ እያ።

ኣብ 2004 ኣብ ቤት ትምህርቲ ምብራር ነፋሪት ድሕሪ ምምዝጋባ፡ ብውልቃ ንጽል ሞተረ ዘለዋ ነፋሪት ከተብርር ክኢላ። ኣብ 2008 ከኣ ፍቓድ መብረሪ ክትቕበል በቒዓ። እታ ዘብረረታ ነፋሪት ፍሉይ ኣሰራርሓ ዘለዋ ኮይና ንጆሲካ ድማ ብእግራ ንኽትዘውራ ከምትኽእል ኮይና እተሰርሐት እያ ነይራ። ኣብ 2019፡ ኮክስ ሓንቲ ንእሽቶ ነፋሪት ብመልክዕ ህያብ ተቐበለት። ንዝተዋህበታ ነፋሪት ድማ ኣብ መበል 30 ዓመት መዓልቲ ስንኩላን ኣመሪካ ንምጽንባል ተጠቒመትላ።

ጆሲካ ኣብ 2005 ካብ ዩኒቨርሲቲ ኣሪዞና ብዓውዲ ፈሰዮሎጂ ብዲግሪ ተመሪቓ። ኣብ ናይ ጥልቀት ምሕምባስ ፍሉይ ክእለት ትውንን።

ጆሲካ ኮክስ፡ ኣብ 10 ዓመት ዕድመኣ ኣብ'ቲ ትመሃረሉ ዝነበረት ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ፡ ካራተ ክትስልጥን ጀመረት። ኣብ መበል 14 ዓመታ፡ ቀዳማይ ጸሊም ቁልፊ ክትውሃብ በቒዐት። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣሪዞና ምስ ኣተወት'ውን ነዚ ሞያ ኣየቋረጸቶን። እቲ ቤት ትምህርቲ ከኣ መሓውር ዝይብሎም ተመሃሮ ንምሕጋዝ ብእግሪ ጥራይ ክጽወት ዝኽእል ካራተ ንምምሃር ሓዳሽ ካርክለም ኣተኣታተወ። ኣብቲ ዩኒቨርሲቲ ከኣ ካልኣይን ሳልሳይን ጸሊም ቁልፊ ክትሕዝ በቒዐት። ኣብ መወዳእታ 2019 ከኣ ራብዓይ ጸሊም ቁልፊ ሓዘት።

ጆሲካ ታሪኽ ህይወታ ንብዙሓት ሰባት ንምንጋር ኣብ 26 ሃገራት ብምንቅስቓስ መደረታት ኣሰሚዓ።

ጆሲካ ኣብ 2012 ምስ'ቲ ኣብራሪ ነፋሪትን ናይ ካራተ መምህራን ዝነበረ ፓትሪክ ቻምበርሌይን ተመርዓወት።

ንስንኩላን ህጻናት ንኽትሕግዝ ድሌት ስለዝነበራ፡ ኣብ 2017 ሓደ ዘይመኽሰባዊ ዓለምለኻዊ ማሕበር ከፈተት። እቲ ማሕበር፡ ሓደ ናይ ዩትዩብ ቻነል ብምኽፋት "ህይወት ምስ መሓውር" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ሓጸርቲ ኣተባባዕቲ ቪድዮታት ኩዓሉ ጀመረ። ቀዳማይ ክፋል ናይ'ቲ ቪድዮ ጆሲካን ብጹይታን ብዘይ ኣእዳው ንህይወት ከመይ ከምዝምክትኦ ዘርኢ ኮይኑ ልዕሊ 750 ሽሕ ሰባት ተኸታቲሎቲ ዝረኸበ እዩ።

## ደሴት በርሙዳ

በርሙዳ ብዙሓት ሰባት ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም ክሕልፉላ ዝበህግዋ ደሴት እያ። በርሙዳ ኣብ ሰሜናዊ ጫፍ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ዝተደኮነት ኮይና፡ ልዕሊ 150 ንኡሳን ደሴታት ዝሓቑፈት እያ። ካብዞን ኣማኢት ንኣሽቱ ደሴታት ግና ሽዱሽተ ጥራይ እየን ብዘዮሮአ ኣፍልጦ ረኺበን ዘለዋ። ሶመረሰት፡ ኢያርላንድ፡ ሰይንት ጆርጅ፡ ሰይንት ደቨስ፡ ቦኣዝን ሃሚልተንን ድማ ይበሃላ። ደሴት ሃሚልተን ብመንጽር ዘለዋ ዕበየትን ሰፊሕ ትርኢትን ርእሰ ከተማ ደሴት በርሙዳ እያ።


ኣሰታት 53 ትርብዒት ሜትር ስፍሓት ዘለዋ ደሴት በርሙዳ፡ ብዘለዋ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ፡ መኣዲ ናይ ዝተፈላለዩ ባህርያውያን ክስተታት እያ። ብተወሳኺ ኣብታ ደሴት ዘሎ መጠን ማይ ኣብ ዝናብ እዩ ዝምርኮስ። ጽቡቕ መጠን ዝናብ ኣብ ዝረኽቦ ቦታ ዝተደኮነት ደሴት በርሙዳ፡ ብማእከላይ ገምጋም ዓመታዊ 1500 ሚሊ ሜትር ዝዓቐኑ ዝናብ ትረክብ።

ንብዙሓት በጻሕቲ ምቹእ ዝኾነ ኩነታት ኣየር ከምዘለዋ እትግለጽ ደሴት በርሙዳ፡ ኣብ እዋን ቀውዒ ኣሰታት 17 ዲግሪ ሰንቲግረይድ ዝዓቐኑ መጠን መቐት ከተመዝግብ እንከላ፡ ኣብ ግዜ ክረምቲ ከኣ ክሳብ 26 ዲግሪ ሰንቲ ግረይድ ይበጽሕ።

ብመሰረት ኣብ 2012 ዝወጽአ መግለጺ፡ ኣብ ደሴት በርሙዳ ልዕሊ 80 ሽሕ ተቐማጦ ኣለዉ። ልዕሊ 60 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ተቐማጦኣ ድማ ጸለምቲ እዮም። ኣብታ ደሴት፡ መኣዲ ትምህርቲ ንነፍሲ ወከፍ ዜጋ ብናጻ ዝወሃብ ኮይኑ፡ ዝኾነ ህጻን ድማ ክመሃር ግዴታ ኣለዎ።

ዓመታዊ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን በጻሕቲ ሃገር ከምእተኣንግድ ዝግለጸላ ደሴት በርሙዳ፡ በዚ ዝተጠቕሰ ኣሃዝ ተሓጊዛ ምስተን ብመንጽር ብዝሒ ህዝበን ኣዝዩ ልዑል ኣታዊ ዘመዝግባ ሃገራት እያ ትጽብጸብ፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ምምሕዳርን ጥንዴራን እትውንን በርሙዳ፡ ወግዓዊ ባጤራኣ ዶላር በርሙዳ ይበሃል።





# ካብ ታሪኽ ሰውራና !



መሓመድ እድሪስ

## ካብ ተመክሮታት መጓዕዝያ ( ሻድሻይ ክፋል )

ኣብዚ ብተኸታታሊ ዝወጽእ ዘሎ "ካብ ተመክሮታት መጓዕዝያ" ዝብል ዓምዲ ታሪኽ፡ ብፍላይ ኣብ እዋን ገድሊ እተን ካብ ኤውሮጳ ዝተዓደጋ ማርቸደስ ብኸመይ ናብ ሜዳ ከም ዝኣተዋ፡ ምስ ኣተዋ ብጋራጅ ህ.ግ. ዝተገብረለን ምሕደሳት እንታይ ይመስል ከም ዝነበረ፡ ካብኡ'ውን ኣብ ዘበነ ገድሊ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበሩ ተጋደልትን ወፈያት ሓፋሽ ውድባትን ዝገበርዎ ዝነበሩ ኣበርክቶ ምርኣይ ኣጉዲሲ'ዩ፡፡ ኣብ 1976 ኣብ ህ.ግ. ዝተሰለፈ፡ ሎሚ ኣብ ሚኒስተሪ ሕርሻ ክኢላ መኣዝዊ መግበን ኣማኻሪ ሚኒስተርን ኣቶ ኣማኑኤል ነጋሲ ሓገስ ከምኡ'ውን ካብ 1974-85 ካብ ወፈያት ሓፋሽ ወድባት ዝነበረን ኣብ 85 ኣብ ህ.ግ. ዝተሰለፈን ሎሚ ኣብ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ነፍሒ ሓላፊ ክፍሊ ዕደናዊ ምህንድስና ዘሎ ክኢላ ስነ ምድሪ ኣቶ ሃብተኣብ ጸጋ ንድሕሪት ልዕሊ ኣርብዓ ዓመታት ተመሊሶም ብዛዕባ እተን ካብ ኤውሮጳ ዝተዓደጋ ማርሸደሳትን ኣብኣን ዝተገብረ ምምሕያሻትን ኣፍልጠኦም ከካፍሉና ፍቓደኛታት ብምዃኖም እናመስገንና፡ ናብ ምሉእ ትሕዝቶ ናይቲ ምስኦም ዝተገብረ ዕላል ንቕጽል፦

ኣቶ ኣማኑኤል ነጋሲ ኣብ እዋን ገድሊ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ሓላፊ ማሕበር ረድኤት ኤርትራ ኣብ ሆላንደን ኖርወይን እኳ እንተ ነበረ፡ ሽዑ ትራንስፖርት ኮንሶርትዩም (ኤራ) ካብ ሃገራት ስካንድነቪያ (ኖርወይ፡ ዴንማርክ፡ ሽወደን) ከምኡ'ውን ዓዲ እንግሊዝ፡ ቤልጅምን፡ ሆላንድ፡ ስዊዘርላንድን ኣየርላንድን ዋና ቤት ጽሕፈት ኣብ ዳንሃግ ሆላንድ ነይሩ፡፡ ኣቶ ኣማኑኤል ብዛዕባ'ተን ዝተጠልባ ማርቸደስ ኩብርህ እንክለዉ፡ "ኩጠንያ ማርቸደስ ኣብ ጀመርን'ዩ ነይሩ፡፡ እቲ ዋና ኣኼባ ዝተኻየደሉ ምስ ብጻይ ስውእ ሚካኤል ፍስሃየ ኣብ ጀርመን ምስ ክኢላታት (መሃንድሳት ፋብሪካ ማርቸደስ ጀርመን እዩ፡፡) ሚካኤል ፍስሃየ ብርቱዕ ኣፍልጦ ዝነበሩ መሃዝን ተበላሓትን ተጋዳላይ'ዩ ዝነበረ፡፡

"ማርቸደስ ካብተን ክቡራት ዓይነት ማካይን'የን፡፡ እቶም ኣብ ኤውሮጳ ኣሳለጥቲ ዝነበሩ ኣባላት ሓፋሽ ውዳባትን ተጋደልትን ድማ ነተን ማርቸደስ ክገዝኡ መደብ ስለ ዝነበረ፡ መራኸቢ ሚካኤል ፍስሃየ'ዩ ነይሩ፡፡ የግዳስ ሚካኤል ፍስሃየ ነተን ዝተኣዘዛ ንሜዳ ዝኣተዋ ማርቸደሳት ንሱን ኣባላቱን ቀሪብ ድኸመታት ስለ ዘረኣየለን፡ እቲ ዝነበረን ጉድለታት ኩሉ ሓደ ብሓደ ፈቲሾም ነቲ ዝሰርሐን ፋብሪካ ርእዩቶኦም ዓቕቡቑልቁለትን ሩባታትን ዝጠዘሓ'ዩ፡፡ ኩሉ እቲ ቻሲን ባልስትራን ናይተን መካይን ድኹም ስለ ዝነበረ፡ ነዚ ዝጸወር ኣይነበረን፡፡

"ሽዑ ንሚካኤል ፍስሃየ ነተን መካይን ክርኢን ክፍትሽን ካብ ሜዳ ናብ ጀርመን ምስ መጸ፡ ኣብ ጀርመን ዓቢ ስትድዮ ሂቦሞ፡፡ ካልኣት'ውን ምስኡ ዝተሓጋገዙዎን ዝትርጉሙሉን ከም በዓል ሃብተኣብ ነይሮም፡፡ እተን ዘድልያ ፈነስቲ ኣካላት ናይተን ማርቸደስ እቲ ባለስትራ ይኹን ቻሲ ብምልኡ እቲ ተሰኪሚ ሓይሊ ናይታ መኪና ኩሉ ከም ዝተርር ተረዳዲኦም




ኣቶ ኣማኑኤል ነጋሲ

ኩብቅዖ፡ እቶም ጀርመናውያን ገሪሙዎም ካብ ኣፍሪቃ እሞ ከኣ ካብ ሓደ ብረታዊ ቃልሲ ዘካይድ ወድብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ክመጽኦም ኣይተጸበዩን፡፡ እንተኾነ ምርኣይ ምእማን ስለ ዝኾኑ፡ ነቲ ሕቶ ብቐረባ ክምልስሉ ናብ ሜዳ ኤርትራ ሰባት ክሰዱ ወሲኖም፡፡

"ሽዑ እተን ካብ ጀርመን ዝተጠልባ ማርቸደስ ብጡሉት'የን፡፡ ንመጻኢ'ውን ርክብት ወይ ስምምዓት ክገበር መደብ ነይሩ፡፡ እቲ መደብ ንምምሕያሽ እዩ ነይሩ፡፡ እዚ ኹሉ ድማ፡ ሓይሊ ናይ ሚካኤል ፍስሃየ'ዩ፡፡ እዚ ክንብል ከለና፡ ኣብ ሓሳባት ይኹን ኣብቲ ክሕተት ዝግበእ ካብ መጉዓዝያ ይኹን ጋራጅ ዝመጽኡ ንፋዓት ሰባት ነይሮም ምስኡ፡፡ ምእንቲ'ዚ፡ ናይ ሚካኤልን ብጾቱን ኣብ ምምጻእን ምምሕያሽን ናይተን መካይን ተራኦም ዓቢ ነይሩ፡፡" ይብል፡፡

ኣቶ ሃብተኣብ ጸጋ ኣብቲ ኣቶ ኣማኑኤል ዝበሎ ክውስኽ እንክለዉ፡ "ዝበዝሓ መካይን ህ.ግ. ካብ ጸላኢ ዝተመንዘዓ እኳ እንተ ነበራ፡ ኣብ 1984 ምስቲ ዝነበረ ድርቂ ናይ መጀመርታ 60 ማርቸደሳት ክግዝኣን ናብ ሜዳ ክለኣኻን ተወሲኑ፡፡ ወየን ማርቸደሳት ተገዚአን ንሜዳ ከኣትዋ እንክለዋ፡ እተን ናይ ፊሎማ ጉድለተን ወይ ሽግረን ኣብ ኮር-ባረካ'ያ ተራእዩ፡" ብምባል ዝኽሩ የካፍል፡፡

ኮር-ባረካ ካብ ኤርትራ ተኣኻኺቡ ናብ ሱዳን ብፍላይ ቶከር ዝኣቱ ሞሕጉል ሩባ'ዩ፡፡ ኮር-ባረካ ኣብ ወቕቲ ክረምት




ስውእ ኮሎኔል ሚካኤል ፍስሃየ

ተኻሲ እትብል መኪና ክትሰግር ኣይትኽእልን'ያ፡፡ መካይን ሱዳን ክሳብ ክረምት ዝሓልፍ እቲ ካብ ፖርትሱዳን ናብ ደቡብ ቶከርን ቅሮራን ዝግበር ጉዕዞ ብፍጹም ይዕገት ነይሩ፡፡ እንተ መጉዓዝያ ህ.ግ. ግዱ ብዝተፈላለየ ብልሓታት እናጠቐሙ እንተስ ብኣራላት ጉቲቶም እንተስ ብጉልበት ሰብ ስሒቦም ይሰግሩዎ ከም ዝነበሩ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ተኸታቲልናዮ ነይርና፡፡

"እተን ካብ ኣብ ጀርመን ተሰሪሐን ዝተዓደጋ ማርቸደሳት እውን ኣብ ኮር-ባረካ ምስ በጽሓ ባለስትራ ይሰብራን ይበላሽዋን ነይረን፡፡ ኣባላት ጋራጅ ህ.ግ. እተን ማርቸደሳት ብቐጻሊ ባለስትራ ይሰብራ ስለ ዝነበራ፡ ተመራማሪም ነቲ ድኹም ኣካለን ኣለልዮም ዝተፈላለየ ብልሓት ተጠቒሞም ከም ዘድልድል ገይሮሞ፡፡ ሽዑ እታ ለውጢ ዝተገብረላ መርሰደስ ነቲ ሩባ ብዘይ ጸገም ትሰግሮ፡፡ እተን ለውጢ ዘይተገብረለን ግዱ ካብቲ ሩባ ከየሰገራ ክርትም ኣለን ይሰብራ ነይረን፡፡

"ሽዑ ብዓል ሚካኤል ናብ ጀርመን መጺኦም፡፡ ነቲ ትካል፡ 'ማካይንኩም ጸገም ኣለወን፡፡ ቀጻሊ ባለስትራ ይሰብራ ኣለዋ" ኢሎሞ፡፡ እቶም ጸዓዱ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ክትዕ ወዓሎም፡፡ እቲ ቀዳማይ፡ 'እዚኦም ካብ ኣፍሪቃ መጺኦም ከመይ ገይሮም ብዛዕባ መካይንና ይሕብሩና፡ ንማርቸደስ ትኣክል ደፊሮም ጉድለት ኣለወን መካይንኩም ክብሉና እንታይ ዝበለ ድፍረት'ዩ?' ብምባል ምሉእ መዓልቲ ኣብ ከምኒዩተራት ፍታሕ ዝኾውን ዝተፈላለየ ብልሓታት ክገብሩን ክመራመሩን ወዓሎም፡፡

"ኣብ መጠረሽታ ሓደ ጀርመናዊ ነቶም ዝመራመሩ ዝነበሩ ጀርመናውያን 'ነዑ ተዓዘቡ' ብምባል ንኣድ ሚካኤል ፍስሃየ ኣርኣየዎም፡፡ ሽዑ እቲ ክኢላ ጀርመናዊ፡ 'ረኣዩ ንስኻትኩም ኢንጂነራት ኢኹም፡፡ እዚ ሰብ እዚ ግዱ ኢዱ ጥራይ ርኢኹም ተዛረቡ፡፡ ንልዕሊ 30 - 40 ዓመታት ዝሰርሐ ተመኪሮ ዝደለበ ኢድ'ዩ፡፡ ምእንቲ'ዚ፡ ዝበልኩም ዘሎ ስምዑ' ኢልዎም፡፡ ኣብ መወዳእታ፡ እሞ እንታይ ንግበር ተባሂሎም ድሕሪ ምሕሳብ፡ እምበኣር ኮር-ብረካ ንኺድ ተባሂሎም ጀርመናውያን ክኢላታት ሒዞም ብዓል ሚካኤልን ብጾቱን እቶም ካብ እርባ ነተን መካይን ዝጸደጉ ኣባላት ኤራ ተጠርኒፎም ናብ ሱዳን ኮር-ብረካ ተበገሱ፡፡ ኣነ'ውን ምስኦም ተበገሱ፡" ይብል ኣቶ ሃብተኣብ ኣብ ሎሚ ኩይኑ፡፡



ኣቶ ሃብተኣብ ጸጋ

ሂቦሞ፡፡

"እተን ቀዳሞት ዝተኣዘዛ መካይን ገሊአን ኣብ ጀርመን ገሊአን ኣብ ስዑድያ ዝተገጣጠማ'የን፡፡ እተን መካይን ኣብቲ ናይ ጀርመን ጽርግያ ይኹን ናይ ስዑድያ ፎኮስቲ ስለ ዝኸዱና ሰሊል እናበላ'የን ዝሓልፋ፡፡ እተን ኣብ ስዑዲ ዝተገጣጠማ ግዱ ካብተን ኣብ ጀርመን ዝሰርሓ ዝበራ ባለስተረኣን ይኹን ቻሲኣን ትርር ዝበለ ነይሩ፡፡ ጽርግያታት ኤውሮጳ ጥጡሓን ልሙጻን ስለ ዝኾኑ፡ ነተን ማርቸደሳት ጸገም የብሉን፡፡ ናይ ኤርትራ ግዱ ደናጉላ፡

## ብዛዕባ'ቶም 8 ወራራት ደርግ እንታይ ትፈልጡ?

**ቀዳማይ ወራር፦**

ከምቲ ኩልና እንፈልጦ ካብ ጥሪ 1977 ክሳብ መፋርቕ 1978 ከተማታትን ገጠራትን ኤርትራ ብህ.ግ.ን ተ.ሓ.ኤ.ን ደርጋ ብዘይካ ሓሙሽተ ከተማታት ኩሉ ሓራ ዝወጸኣሉ እዋን ነይሩ፡፡ የግዳስ ካብ መፋርቕ 78 ንደሓር ነቲ ቅልጡፍ ግስጋሰ ሰውራ ኤርትራ ዝዖገት ተርእዮ ተቐልቀለ፡፡ ስርዓት ደርግ ምስ ርእሰ ሓያላን ኣውራ ድማ ሶቬት ሕብረት ተጸጊዑ ማእለያ ዘይብሉ ዘመናዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐ ሰራዊት ብምውፋር፡ ኣንጻር'ቲ ኣብ ኣፍ ደገ ኣስመራ በጺሑ ዝነበረ ሰውራ ኤርትራ ክደምስስ ቀዳማይ ወራር ኣበገሰ፡፡ ቀዳማይ ወራር በየን ተበገሰ? እንታይ ክሳራ'ኸ ገጢምዎ?

እወ! ቀዳማይ ወራር ብገርሁ ስርናይ፡ መረብ፡ ባድመ፡ ኡምሓጀር ዝጽዕን ኣጥቂዑ፡፡ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ድማ ካብ ደብዓዊ ግንባር ኣዝሊቑ ንዝጽዕ ሓዲጉ ኣብ ዶገሊ ዓሪዱ፡፡

ክሳራ ጸላኢ ኣብ ቀዳማይ ወራር፦

- 3,700 ምውታት፡
- 5,100 ቁሱላት፡
- 13 ምሩኻት፡
- 5 ታንኪታት ተሰለቡ፡
- 48 ታንኪታትን 18 መካይንን ተሓምሺሸን፡፡

ይቕጽል....

## ንሓፈሻዊ ፍልጠት

1 .ህ.ግ. ኣብ ኑሓሰ 1978 ካብ ከበሳታት የዝልቕ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ክንደይ ብርጌዳት ነይረንኦ?

ሀ. 9 ለ. 8 ሐ. 10

2. ኣብ ረፈረንደም ኤርትራ፥ እወ ንናጽነት ዘድመጸ ህዝቢ ክንደይ ሚእታዊት ነይሩ?

ሀ. 99.805% ለ. 99.88% ሐ. 99.905%

3. ካብቲ ህ.ግ. ኣብ እዋን ገድሊ ዓስኪሩሉ ዝነበረ ቦታታት ሱዳን፥ ሎሚ ካብ ማእወዲ ጎደናታት ኣስመራ ኩይኑ ዘሎ ሓደ ጥቀስ፡፡

ሀ. ካርቱም ለ. ሓላይብ ሐ. ገሮግር

4. ህ.ግ. ንመጀመርታ ግዜ ዘፋነወቶም ምሩኻት ኩናት መዓስ ዓመተ ምህረት ነይሩ? ክንደይ ዝኣኽሉ ምሩኻትከ ተፋንዮም?

5. ወራር 'ወዶ ዘማቻ' ማለት ፕሮጀክት ራዛ መዓስ ነይሩ?

6. ብስርዓት ወያነ ኩሉ ንብረቶም ተረሲዑ ዝተሰጎጉ ኤርትራውያን መዓስ ነይሩ?

7. መንግስቲ ኤርትራ ምስ ምጅማር ወራር ወያነ ዝማረኾም ቀዳሞት ወተሃደራት ዝተፋነውሉ ዕለትን ዓመትን ጥቐስ፡፡

8. ካብ ናቕፋ ናብ ናቕፋ ዝጸሓፈ ተጋዳላይ መን ይበሃል?

መልሲ ናይዚ ሕቶታት ከምዚ ሎሚ ...

## ካብ ካርቶናት ገድሊ



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# Letter of Invitation for Bids

1. The State of Eritrea, Ministry of Agriculture, and National Project Coordination Office (NPCO) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) towards the cost of Integrated Agricultural Development Project (IADP) and intends to apply part of the financing for the purchase of these goods. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP).

2. The Integrated Agricultural Development Project (IADP) includes three components and has six years' lifetime. The overall goal of the project is to contribute to poverty reduction and food and nutrition security of rural households. The project Development objective is to enhance small holder agricultural production and productivity in sustainable way and improves rural livelihoods.

3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 20 January, 2025, the United Nations Development Business (UNDB) web site on 20 January, 2025 and a national newspaper Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 25 January, 2025.

4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities ("bidders") for the provision of Procurement of Total stations, Procurement of artificial insemination and horse equipment, parent stock pigs, horse semen and automatic debeakers assorted in 4 lots and Procurement of frame hives and their accessories and food grade honey container assorted in 2 lots. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.

5. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services. Potential bidders should first request for a registration form using email address below. Upon filling the form, the bidders must return the filled form through a reply email and the bidding document will be provided immediately thereafter at no charge.

6. Bidding will be conducted using the International Competitive Bidding (ICB) method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD procurement handbook, which is provided on the IFAD website www.ifad.org/project-procurement. The ICB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.

7. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet BDS, Section II of the bidding document.

8. Bids must be delivered to the address below and in the manner specified in the BDS ITB 25 no later than 9:30 am local Asmara, Eritrea's time, 8 May 2025.

Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidia Russom (Procurement officer)
Sawa Street, Asmara, Eritrea
Lidyarusomlidu1221@gmail.com
Tel Number: 00291181076/00291189266
Fax Number: 1048
Block number: 6
Room number: 8
Asmara, Eritrea

9. Bidders should be aware that late bids will not be accepted under any circumstances and will be returned unopened to the bidder. All bids must be accompanied by a bid securing deceleration.

10. Please note that electronic bids shall not be accepted as defined in ITB BDS 25.

Yours sincerely,

Lidia Russom
IADP Project Procurement officer
Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidyarusomlidu1221@gmail.com
Asmara, Eritrea

# Letter of Invitation for Bids

1. The State of Eritrea, Ministry of Agriculture, and National Project Coordination Office (NPCO) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) towards the cost of Integrated Agricultural Development Project (IADP) and intends to apply part of the financing for the purchase of these goods. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP).

2. The Integrated Agricultural Development Project (IADP) includes three components and has six years' lifetime. The overall goal of the project is to contribute to poverty reduction and food and nutrition security of rural households. The project Development objective is to enhance small holder agricultural production and productivity in sustainable way and improves rural livelihoods.

3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 20 January 2025, the United Nations Development Business (UNDB) web site on 20 January, 2025 and a national newspaper Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 25 January, 2025.

4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities ("bidders") for the provision of Procurement of starter and layer feed and concentrate premix assorted in 3 lots, Procurement of sprayers and personal protective equipment in 2 lots, Procurement of veterinary drug, Procurement of stove parts, Procurement of laboratory reagents, chemicals, supplements, controls and consumables and supply, installation and commissioning of food technology laboratory. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.

5. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services. Potential bidders should first request for a registration form using email address below. Upon filling the form, Potential bidders should be return through a reply email and set of the bidding document will be provide immediately thereafter at no charge.

6. Bidding will be conducted using the International Competitive Bidding (ICB) method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD procurement handbook, which is provided on the IFAD website www.ifad.org/project-procurement. The ICB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.

7. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet BDS, Section II of the bidding document.

8. Bids must be delivered to the address below and in the manner specified in the BDS ITB 25 no later than 9:30 am local Asmara, Eritrea's time, 15 May 2025.

Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidia Russom (Procurement officer)
Sawa Street, Asmara, Eritrea
Lidyarusomlidu1221@gmail.com
Tel Number: 00291181076/00291189266
Fax Number: 1048
Block number: 6
Room number: 8
Asmara, Eritrea

9. Bidders should be aware that late bids will not be accepted under any circumstances and will be returned unopened to the bidder. All bids must be accompanied by a bid securing deceleration.

10. Please note that electronic bids shall not be accepted as defined in ITB BDS 25.

Yours sincerely,

Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidia Russom (IADP Project Procurement officer)
Sawa Street, Asmara, Eritrea
Lidyarusomlidu1221@gmail.com
Tel Number: 00291181076/00291189266
Fax Number: 1048
Block number: 6
Room number: 8
Asmara, Eritrea

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)


## “ደቂ-ኣንስትዮ፡ ጎድናዊ ሳዕቤናት መመላኽዒ ክፈልጥኦ ይግባእ”

### ፋርማሲስት ሄቨን ዮሃንስ

*ኣብ ናይ ሎሚ ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ኣብዚ እዋንዚ ኣሻቓሊ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ ምጥቃም ኣካላት ዝገዝፉ መድሃኒታትን ጉድናዊ ሳዕቤናቶምን ኣመልኪትና፡ ኣብ ሃገራዊ ቀጻጻሪ መድሃኒትን መግቢን ሚ/ሪ ጥዕና ኣሃዱ ፋርማኮቪጂላንስ ብደረጃ ፋርማሲስት ተመዲባ ምስ እትሰርሕ ዘላ መንእሰይ ሄቨን የሃንስ ቃለ-መሕተት ኣካይድና ነይርና። 2ይ ክፋሉ ይስዕብ።*

***ሕቶ - ጉድኣትን ሓደጋን እናሃለዎ ደቂ ሰብ ንምንታይ እዮም ኣብዚ መድሃኒት ዝወስዱ ናብ ከምዚ ዓይነት ደረጃ ዝወድቁ?***

ኣዝዩ ጽቡቕ ሕቶ እዩ። ብፍላይ ኣብተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ንዝርከብ ሓፍቲ ማለት እዩ እቲ ጠንቂ ካልእ ኣይኮነን። ጉድለት ኣፍልጦን ንቕሓትን ዘምጽኦ እዩ። ብልክዕ እቲ ትወስዶ ዘለኻ መድሃኒት ካብቲ ምግዛፍ ወጻኢ፡ ኣብ ኣካላትካ እንታይ ሳዕቤን ከምጽእ ይኽእል? ሰኣን ምፍላጥካ ኢኻ ናብ ከምኡ ትቃላዕ ዘለኻ ማለት እዩ። ስለዚ ምስ ሕጽረት ኣፍልጦ ዝተኣሳሰር እምበር፤




ካልእ ጠንቂ የለን። ጉድኒ-ጉድኒ እዚ፤ ምዕባለ ቴክኖሎጅን መራኸቢ ብዙሓንን ካብኦም ዓበይቲ ጠንቅታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብማሕበራዊ መራኸቢታት ቀጻሊ ክወዓወዑ እንከለዉ፡ እታ ጓል-ኣንስተይቲ ነተን ኣብቲ ስእሊ እትርእየን ክትመስል ኢያ ትደሊ። ምኽንያቱ ከምኡ ናይ ምኻን ህንጥዩት ስለ ዘለዋ። ነቶም መመላኽዒታት ክትጥቀመሎም ድማ ትጓየይ። ደማሂርካ ክረኣ እንከሎ፡ ደቂ-ኣንስትዮና ናብዚ ኹሉ ዘብጽሐን ዋሕዲ ፍልጠት ዘምጽኦ ጠንቅታት እዩ ክበሃል ይካኣል።

***ሕቶ - እዞም ኣብ ዘይሕጋዊ ንግዲታት እዚ መድሃኒትዚ ዝተዋፈሩ ወይ ሓዞም ዝተረኽቡ ሰባት ብኸመይ ክትቆጻጸርም ትኽእል? ከምኡ እውን እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ክወሰደሎም ይኽእል?***

ሚ/ሪ ጥዕና ንፍሲ-ወከፍ ኣብያተ መድሃኒት ደረጃታት ከም ዝህልዎ ገይሩ እዩ። ከምዚ ክብል እንከለኹ፥ ፋርማሲታት ኣለዋ። ፋርማሲታት ገጠር እንብለን'ውን ኣለዋ። ሕጂ ነፍሲ-ወከፍ ደረጃ ኣብያተ መድሃኒት እንታይን ኣየናትን ዓይነት መድሃኒት እየን ክሕዛ ዝግበአን ዝፍቀደለን ርእሱ ዝኸኣለ ማምርሒታት ኣለዋ። በዚ ማምርሒታት እዚ ተቐይደን እየን ድማ እተን ፋርማሲታት ከምኡ ዓይነት ፍርያት ዝሕዛ። ስለዚ እዞም እንብሎም ዘለና ዘይሕጋውያን መድሃኒታት ሒዞ ዝተረኽበ ከኣ ክብድ ዝበለ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ክሳብ ልቸንሳ ናይ ምምንጣል ሕጋዊ ዝኾነ ስጉምቲ ኣለዎ። እቲ ሚ/ሪ ናቱ መምርሒታት ኣለዎ። ጥሕሰት እንተ ደኣ ተፈጺሙ ከኣ እቲ ናይ መቕጻዕቲ ኣገባብ ብዝርዝር ሰፊሩ ኣሎ።

***ሕቶ - ብዙሓ ክረኣ እንከሎ፡ ቀንዲ ተጠቀምቲ ናይዞም ዘይሕጋውያን መድሃኒታት ዝበልናዮም መን እዮም?***

ወላኳ ኣብ ሃገርና ጸጺዩ መጽናዕቲ ኣይገበርና እምበር፤ ብዙሓኑ ጸብጻባትን ንኣሽቱ መጽናዕትታትን ክንርእዮ እንከለና፡ እተን ዝበዝሓ ናይዞም መመላኽዒታት ተጠቀምቲ ደቂ-ኣንስትዮ እየን። ወላ ብዓለም ደረጃ ክንርእዮ እንከለና፡ ኩሎም እቶም ኣካላት ዝገዝፉ መመላኽዒታት ደቂ -ኣንስትዮ እየን ዝጥቀማሎም። ኣብ ሃገርና እዚ ኣካላት ዝገዝፉ መመላኽዒ ሕጂ ይኣቱ ስለ ዘሎ፡ ብልክዕ ዝተሰነየ ቀጽርን ዳታን ክህልወና ኣይክእልን እዩ። ዝያዳ እተን ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ከምዚ ዝኣመሰለ መድሃኒት ግን፡ ደቂ-ኣንስትዮ እየን። ገለ ኣብ ቀጽሪ ዘይኣትዉ ሒደት ደቂተባዕትዮ እውን መመላኽዒ ዝጥቀሙ ኣይሰኣኑን።

***ሕቶ - መመላኽዒ እንታይ ማለት እዩ? ህዝቢ መታን ክፈልጦ፡ ንመመላኽዒ ተባሂሎም ዝስርሑ መድሃኒታት ኣለዉዶ?***

እወ ኣለዉ። ብሓፈሻ ግን ከም መግለጺ፡ መመላኽዒ ክንብል እንከለና፡ ትርኢት ንምቕያርን ንምምልካዕን ከምኡ ከኣ ብሩህ ገጽ ንምውናን ተባሂሎም እንጥቀመሎም ቀመማዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ኩይናም፡ ናብ ደቂ-ሰብ ብኣፍ ዝኣቱ ወይ ኣብ ቆርበት ዝልከ፡ ፓውደር፡ ዝውጋእ . . . ብዝተፈላለየ ማስርሒት ዝኣቱ እዩ።

***ሕቶ - መመላኽዒታት ክንብል እንከለና ኣየናት መመላኽዒታት እዮም?***

ሕጂ ሙብዝሕትኡ ግዜ መመላኽዒ ክንብል እንከለና፡ እቶም ሕብሪ ቆርበት ዘቕይሑ መመላኽዒታት ጥራይ እዩ ኣብ ኣእምሮና ዝቕጀለና። መመላኽዒ ክንብል እንከለና ግን፡ ኣዝዩ ገፊሕ ክፋላት ዘለዎ ኩይኑ ኣብ ወሽጡ ብዙሓት ጭኡታታት ዝሓቑፍ እዩ። ንኣብነት ሻምፖ ኣብ ጸጉርና እንጥቀመሉ መመላኽዒ እዩ። ጸጉርና ክልስልሰልናን ወዘ ንኽህልዎን እንጥቀመሉ ኮንዲሽነር፡ ኣብ ኣጽፋርና እንጥቀመሉ ኣዝማልዩን ንዕኡ ንምጽራይ እንጥቀመሉ ኣቸቲናን እውን መመላኽዒ እዩ። ዝያዳ ሕጂ ጸቒጥና እንዛረበሎም እዞም ቆርበት ዘቕይሑ መመላኽዒታት እዮም። እዚኦም ዝተፈላለዩ ዓይነት ኩይናም ኣብ ወሽጢ እዞም መመላኽዒታት እዚኦም ከም ጨና፡ ደዖራንት፡ ኣብ ዓይኒ ዝግበኡ ኩሕልታትን ቅርጊባትን ኩሎም እዚኦም መመላኽዒታት እዮም።

ኣብ ደቂተባዕትዮ ጭሕሚ ድሕሪ ምልጻዮም ዝግበኡ ክሬምን ምስዚ'ዮም ዝጽብጸቡ። ስለዚ፤ ደቂተባዕትዮ እውን ካብ ተጠቃምነት መመላኽዒታት ሓራ ኣይኮኑን። ኩሉ ግዜ መመላኽዒ ክንብል እንከለና፡ ህዝብና ነቶም ቆርበት ዘቕይሑ መመላኽዒታት ጥራይ እዩ ዝሓስቦም፡ ኩሎም እዞም ክንገልጾም ዝጸናሕናን ካልኦት ዘይተገልጹን ኣብቲ ምድብ ናይ መመላኽዒታት እዮም ዝኣትዉ። ብልክዕ እዚ ንሕና ሕጂ ከም ኣርእስቲ ኣልዒልና ክንዛረበሉ ደሊና ዘለና ግን፡ እቶም ቆርበት ዘቕይሑ መመላኽዒታት እዮም። ምኽንያቱ ኣብ'ዚ እዋንዚ ተጠቃምነቶም እናዛየደ ኣሻቓሊ እናኾኑ ይኸዱ ስለ ዘለዉ።

***ሕቶ - እዞም ቆርበት ዘቕይሑ መድሃኒታት ከመይ ዝበሉ እዮም?***

ከም'ቲ ስሞም ዘመልክቶ ነቲ ሜላኒን ናይ ቆርበትና - ነቲ ጸሊም ሕብሪ ከም ዝህልዎ ዝገብር ኣብ ኣካላትና ዝሰራሕ ኮሚካላዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ጭኡታ፡ ፍርያምነቱ ከም ዝጎድል ብምግባር፡ ቆርበትና ጻዕዳ ወይ ብሩህ ሕብሪ ከም ዝህልዎ ዝገብሩ ዓይነታት መመላኽዒ እዮም።

***ሕቶ - ስለምንታይ እያ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ቆርበት ዘቕይሑ መመላኽዒታት ክትጥቀም ትደሊ?***

ከም'ቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ እተን ዝያዳ ተጠቀምቲ ደቂ ኣንስትዮ እየን። ስለምንታይ እያ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ቆርበት ዘቕይሑ መመላኽዒታት ክትጥቀም ትደሊ. እንድሕር ደኣ ኢልና፡ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ጉጅለታት መቓቒልና ክንርእዮ ይግባእ። ኣብ'ቲ ስነ ልቦናውን ማሕበራውን ዝበሃሉ ረቛሒታት ከፋፊልና ክንርእዮ ድማ ንኽእል። ብልክዕ እዚኦም እንታይ እዮም እንድሕር ኢልና፡ እቲ ቀዳማይ እቲ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ጽባቐ ዘለዎ መግለጺን መቐመርን እዩ።

***ሕቶ - ከመይ ማለት እዩ?***

ንኣብነት ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ሓንቲ ቀያሕ፡ ቀጣን፡ ነዋሕ፡ ብሩህ ሕብሪ ቆርበት ዘለዋ ከም ምልክዕቲ ትግለጽ እንተ ደኣ ኾይና፡ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ዘላ ጓል-ኣሰንተይቲ ከኣ ክትጸብቕ ዘይትደሊ ስለ ዘየላ፡ ነዚ ተግባር እዚ ክትፍጽም ግድነት እዩ። እቲ ቀዳማይ ረቛሒ ደቂ-ኣንስትዮ ቈርበት ዘቕይሑ መመላኽዒታት ክጥቀማ ዘገድደን ከኣ፡ እቲ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ጽባቐ ዘለዎ መረዳእታ እዩ። ኣብ ሕብረተሰብና፡ ኣብ ብዙሓት ሕብረተሰባት ኣህጉር ኣፍሪቃን ኤሲያን'ውን፡ እዚ ከም ዓቢ ረቛሒ ኩይኑ ዝቐጻል ዘሎ እዩ ክበሃል እኽእል እዩ። ቀያሕ ጓል ወይ ቀይሕ ቆርበት ዘለዋ ጓል ኣንስተይቲ ከም ጽብቕቲ ስለ ትቑጸር እዩ። ስለ'ዚ በዚ ምኽንያት ኢያ፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ቀያሕ ናይ ምኻን ባህጊ ስለ ዘህልዋ፡ ንኽትምልከዕ ብዙሕ ሳዕልን ታሕትን እተካይድ። እዚ'ዩ ከኣ ከምኡ ንኽትገብር ዝደፋፍኣ።

***ሕቶ - ንምንታይ እዩ ሕብረተሰብና ንቐይሕ ቆርበት ከም ብሉጽ ዝወስዶ?***

ስለምንታይ እዩ ሕብረተሰብና ንቐይሕን ብሩህን ቆርበት ከም ጽቡቕ ዝወስዶ እንተ ደኣ ኢልና፡ ካልእ ረቛሒ ክኸውን ዝኽእል'እውን እኳ እንተኾነ፡ ‘ኤሮሰንትሪዝም’ ከም ረቛሒ ክጥቀስ ይካኣል እዩ። እዚ ማለት ኤውሮጳዊ መሰረት ዝገበረ ዓይነት ኣተሓሳስባታት እዩ። ንዘገርና ሓዊስካ ዳርጋ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ብኤውሮጳዊ መግዛእቲ ዝሓለፋ ስለ ዝኾና፡ እቲ ኤውሮጳዊ ኣተሓሳስባ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ገዲፉዎ ዝኸደ ብዙሕ ጽልዋታት ኣሎ። ንኤውሮጳዊ ወይ ጻዕዳ ከም ምዕቡል፡ ምህሩን ስልጡን፡ ንሱ ዝገብሮን ዝሓስቦን ነገራት ከም ፍሉይን ምዕቡልን እንድሕር ትሓስቦ ኳኾ፤

ንሽኻ ከኣ ንኡቡሽኻ ከም ኣፍሪቃዊ ድሑር፡ ናቱ ተቐባሊ ገይርካ ትቐጽሮ እንተ ደኣ ኣለኻ፡ ካብ'ዚ ዝሓቢ ጸገም የለን። እዚ ዘምጽኦ ሰቡብ ከኣ ነቲ ተፈጥሮኣዊ ጽባቐኻ ኣነኣኢስካን ከም ዘይቅቡል ወሰድካዮ ነቲ ናይ'ቲ ጻዕዳ መልክዕን ትርኢትን ስለ ተንድኖቕ፡ ንዕኡ ክትመስል ትግደድ ማለት እዩ።

***ሕቶ - እቲ ሕብረተሰብ ከምዚ ዓይነት ኣጠማምታ ኘኽህልዎ ዝገብረ ጠንቅታት እንታይ እዩ ትብሊ?***

ዝ ንብሎ ዘለና ንምርጓድ ኣብ ሕብረተሰብና እትብሃል ሓንቲ ዝዘርከቡዋ ዘረብ ከዋገርነ፡ ሕብረተ-ሰብና እንታይ እዩ ዝብል “እዋእ! ወዲ እገለ ደኣ ጥዒምዎ እንደዩ ዘሎ፡ ፈረንጂ መሰሉ” ይብሉ። ንሓደ ቁሩብ ጸሊም ድብን ዝበለ ከኣ “ኣንታ እንታይ ደኣ ኩይኑ ጸሊሎ ተኾዲኑ ሓሰምዎ ደዩ?” ይብሉ። እዚ ቃል እዚ ንባዕሉ፡ ካብ'ቲ ንኡብሽኻ ኣትሒቲካ ናይ ምጥማት ዘሎ ፍልልይ እዩ ዝቕልዕ። ኣዝዩ ዘገርምን ዘተሓሳስብን ጉዳይ ድማ እዩ። እዚ፤ ክሳብ ክንዲ ምንታይ ኣብ ውሽጢ ኣተሓሳስባ ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ሰሪጹ ከም ዘሎ'ዩ ዘእንፍተልና። እዚ ኣተሓሳስብ'ዚ፤ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ናይዞም መመላኽዒታት ክንጥቀም ዝገብሩና ምኽንያታት እዩ። ካልእ፤ ጽልዋ መራኸቢ ብዙሃን እውን ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ጠንቂ ተጠቃምነት ናይ'ዚ መመላኽዒታት እዩ።

***ሕቶ - ዝያዳ እንተ ተብርህልና?***

እቶም እንርእዮም ናይ ምዕራብ ፊልምታትን ናይ ምውዕዋዕ ነገራትን፡ ብዘይርድኣና መልክዕ ንኣተሓሳስባና ይጸልውዎ እዮም። በቲ ፍርያት ናይ ምዕራባውያን ከም እንጽሎ ድማ ይገብሩ።



ኩሉ ኣብኡ ዝግበርን እንርእዮን ከም ቅኑዕን ዝበለጸን ገይርና ስለ ንርድኦ ድማ ኔቲ እንዕዞ መመላኽዒ ኣብ ነብስና ከተግብሮ ንፍትን። ብፍላይ ሕጂ ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ንኹሉ ነገር ቀረባ ከም ትኸውን ዝገብር ኩነት እዩ። ከም ኣብነት፡ ኣብቲ ፊልምታትን ናይ መወዓውዒ ትካላትን ዝዋስኣ ኣዋልድ እንተ ደኣ ርኢኻየን ኣለኻ፡ ብሓፈሻ ናብ መራኸቢ ብዙሓን ዝቐልቀላ ኣዋልድ መብዝሕተአን ነዋሕቲ፡ ቀጠንቲ፡ ቀያሕቲ፡ ነዊሕ ዝጸጉረን እየን። ኣዝየን ጸቡቓትን ናይ ሞዴልን ተዋሳእትን ዝኾና ኣዋልድ እየም ዘምጽኡወን። እምበር ሓንቲ ሓጻር፡ ጸሊም ከም ቀንዲ ገጸ-ባህሪ ከቕርቡ ኣይትዕዘብን ኢኻ። ዝርን ኣዋልድ እዚኣን ኣምጺኦም፡ ዝ እንጠቕሶ ዘለና መመላኽዒታት እናተጠቐማ ብኣዝዩ ዝተጋነነ ስእልታት ወግሑ ጸበሐ የርእየወን። ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ኣዋልድና ዝ እናረኣያ ይዓብያ እንተ ደኣ ኣለዋ ኩይነን እንታይ ክገብራ ኢኻም ክትጽበ? ርዱእ ነገር እዩ። ኣብ መወዓውዒታት እንዕዞ ሰእሊ፡ ንዕኡ ምስ ተጠቐመት ኣዝያ ሕጉስቲ





ፍስሀ ዝዋሰሉ፡ ንጸጉራን መልክዓን ዝቐየረ መመላኽዒ ምኻኑ ኢና እንርኢ። ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኹ፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ቴሌቪዥን ዝ ከም ጽቡቓን ቅቡልን እናወሰደት ትዓቢ እንተ ደኣ ኣላ ኾይኑ፡ እዚ ሓደ ካብቲ ፍርያይ ዝበለ ጠንቅታት ይኾውን ኣሎ ማለት እዩ።

***ሕቶ - ካልእኸ?***

ብዘይካ እቲ ጽልዋ ናይ መራኸቢ ብዙሓን ዝበልናዮ ከኣ፡ ንባዕሉ ጽልዋ መዛኑ እውን ሓደ ረቛሒ እዩ። ብፍላይ ከኣ ኣብ'ቲ ናይ ንእሰነትን ኮትትናን ዕድመ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ወለደንን ቤተ-ሰበንን ንላዕሊ ብመዛኑአን ዝጽለዋ ይበዝሓ። ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ መመላኽዒን ሕብሪ ቆርበትን ብዙሕ ተጉዳሲት ዘይብሉ፡ ብጽልዋ መሓዙታ ተደሪኻ ዝኾነ ክትገብር ድሕር ኣይትብልን ኢያ። ከም ኣብነት ኣብ ሓደ ክፍሊ፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ንሓንቲ ቀያሕን ነዋሕን ጓል ክፍላ ኩሎም ደቂ ተባዕትዮ ክድነቑሉ ክብህጉዋን

ክዋጊደሰላን ትዕዘብ እንተ ደኣ ኣላ፡ ግድን እያ ከምኣ ክትኸውን ክትምኒ። ጸሊም ኩይና ዝኾነ ኣቓልቦ ዝገብረላ ትሰእን እንተ ደኣ ኣላ፡ ቀያሕ ከኣ ዝያዳ ኣደንቦ ክወሃባ ትርኢ. እንተ ደኣ ኣላ፡ ከይፈተወት ካልእ ክትሓስብ ግድነት እዩ። መሓዛኣ ‘ከምዚ ተጠቒመ እየ ከምዚ መሰለ ዘለኹ፡ እዚኣ እያ ዝ ገጸይ ቀይራቶ፡ እዚኣ ከኣ ዝ ጸጉረይን ገጸይን ኣብሪሃቶ፡ እኸኢ ተጠቐምላ’ እንተደኣ ትብላ ኣላ፡ እንታይ ኩይና እያሞ ከምኣ ክትኸውን ዘይትብህግ። ካብ ውልቕና ዝጠበሰ ድሌታት እውን ክህሉ ይኽእል እዩ። ልዕሊ እቲ ናይ ውልቂ ግን እቲ ጽልዋ መሓዙት እዩ። እቶም ኣብ ከበቢና ዘለዉ ዝያዳ ንኽጸልዉና፡ ልዑል ዕድል ኣለዎም። ብሓፈሻ ካብ ሕብረተሰብና፡ ስድራና፡ መሓዙትና፡ መራኸቢ ብዙሓን .... እዚኣም እዮም እቶም ቀንዲ፡ ደቂ-ኣንስትዮ መመላኽዒ ናብ ምንጥቃም ክጽደያ ዝገብሩ።

ይቕጽል



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዮሴፍ፡ ሓደ መሳልል ሓኹሩ



ኣሰልጣኒ ክሉብ ቅድድም ብሽክለታ ደንደን - የሴፍ ተኽለዩ፡ ዝሓለፈ ዓመት ንዝለዓለ ስልጠና ናብ ወጻኢ ተላኢኹ ትምህርቱ ብዓወት ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ካብ ማሰልጠኒ ማእከል 'ዩሲኣይ'፡ ናይ ሳልሳይ ደረጃ (Level 3) ሰርቲፊኬት መጺኡዎ።

የሴፍ፡ ፈለማ ኣብ 2015 እዩ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ናይ ቀዳማይ ደረጃ ስልጠና ወሲዱ። ኣብ 2019'ውን ኣብ ተመሳሳሊ ቦታ፡ ስልጠና ካልኣይ ደረጃ ወሲዱ፣ ንደረጃኡ ኣፍልጦ ዝሃብ ሰርቲፊኬት ድማ ኣብቲ ዓመት'ቲ ካብቲ ዓለምለኻዊ ማሰልጠኒ ማእከል ተዋሂብዎ።

እዚ መንእሰይ፡ ንተወሳኺ ስልጠና፡ ብ8 መስከረም 2024 ናብ ፈረንሳ ኣቕኒዑ፣ ኣብታ ሃገር ንኻልኣይ ግዜ ናይ ካልኣይ ደረጃ (Level 2) ስልጠና ድሕሪ ምውሳዱ፡ ናብ ስዊዘርላንድ ኣምሪሑ። ዝተዋህበ ፈተና ብምሕላፍ ድማ፡ ናይ ሳልሳይ ደረጃ (Level 3) ምስክር ወረቐት ተሰዲድሉ።

የሴፍ፡ ንክሉብ ደንደን መሪሑ ኣብ ናይ ዞባ ማእከል ከምኡ'ውን ብደረጃ ሃገር ኣብ ዝተሰላሰሉ ውድድራት፡ ብርክት ዝበሉ ዓወታት ኣመዝጊቡ እዩ። ኣብ 2022 ኣብ ግዝኢ ኣብ ዝተኣንገደ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ድማ፡ ንማእከሉት (ጁንየር) ደቂ ተባዕትዮ መሪሑ ብውልቅን ጋንታን ዓወት ኣመዝጊቡ።

ኤርትራ፡ ኣብ 1995 ኣባል ዩሲኣይ ድሕሪ ምዃና፡ ካብ 2004 ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ዕድል ክወሃብ ጀሚሩ። ዛጊት ክሳብ'ዚ እዋን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃታት (ቀዳማይ፡ ካልኣይን ሳልሳይን)፡ ኣሰታት 100 ኣሰልጠንቲ ምምህርናም፡ ሰነዳት ሃገራዊ ፌደረሽን የረድኡ። ዛጊት ኣብቲ ኣብ ሃገርና ዝለዓለ ደረጃ ዘሎ 'ሳልሳይ ደረጃ' ኸኣ፡ ሓሙሽተ ኣሰልጠንቲ ዕድል ትምህርቲ ረኺቦም።

እንተኾነ፡ እየም ሰለስተ ጥራይ እዮም ዝተዋህቦም ፈተና ክሓልፉ ክኢሎም ዘለዉ። እዚ ማለት፡ ቅድሚ የሴፍ፡ ኣሰልጣኒ ጋንታ ደቡብ ሚካኤል ትኩእን ዓላሚ ኣሰበኮ ሳምሶም ሰለሙንን ነዚ ደረጃ በጺሖም። ኣብ ምስልጣን እዚ ዓውዲ፡ 'ራብዓይ ደረጃ' ዝለዓለ ክኸውን እንከሎ፡ ናብ ዩኒቨርሲቲ ብምምራሕ ዝወሰድ ዝለዓለ ደረጃ ከምዘሎ'ውን ይሕበር።

ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ዝኾነ ዩሲኣይ፡ ዋና መሳርሒ ኣብ ስዊዘርላንድ ከተማ ኤይግል እዩ። እዚ ንኣሰልጠንቲን ተቐዳደምቲን ዝለዓለ ትምህርቲ ዓብ ዘርሑ ማእከል፡ ኣብ 1900 ኣብ ፈረንሳ ከተማ ፓሪስ ተመስሪቱ፣ ዝመጽእ 14 ሚያዝያ ድማ መበል 124 ዓመት ምስረታኡ ክጽምብል እዩ።

---

## ኣርሰናል፡ ዕድላ ባዕላ ኣቕሂማ

ንመሪሕነት ፕሪመር ሊግ ዘላ ሊቨርፑል እኹ ተወዳዳሪታ ዘላ ኣርሰናል፡ ትማሊ ናብ ከተማ ሊቨርፑል ተጓዒዛ ኣንጻር ኤቨርተን ነጥቢ ብምኽሳሩ፡ ኣብ ናይ ጸዋእ ምልዓል ጉዕዞኣ ተሰናኺሉ።

ኣርሰናል፡ ነቲ ሰለስ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ ተካይዶ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትብል፡ ንወሰኑቲ ተጻወትታ ሳካ፡ ኦደጋርድን ፓርተይን ኣዕሪፋ እያ ፈሊማ። ኣብ መበል 34 ደቒቕ ቡታ ቀዳማይቲ ኣብ ዕላማ ዘህረመታ ቅሉዕ መራሕነት ብምሓዝ ንዕረፍቲ ወጺኣ። ትሮሳርድ፡ ኒታ ራሓም ስተርሊንግ ካብ ከበቢ ልዳተም ብመልሰ መጥቃዕቲ ሒዚዋ ልዳት ኤቨርተን ብምጽጋዕ ዘቐበሎ ከዕሶ እዩ ናብ ሹቶ ቀዪሩዋ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ግና፡ ትሰፋው ናይ ክንፊ ተኸላኻላይ ኣርሰናል - ለዊስ ስከሊ፡ ኣብ ልዳተም ኣብ ልዕሊ ሃሪሶን በደል ብምፍጻሙ፡ ፍጹም ቅላዕ ኣዕደዮዋ። ሴኔጋላዊ ኣከፋፋሊ ኤቨርተን - ኢልማን ኢንዲያይ ድማ ናብ ሹቶ ቀይሩዋ። ሓዲኣን እኳ መወዳእቲ ሹቶ ብዘይምምዝጋበን፡ ናብ ሕሳበን ሓሓደ ነጥቢ ወሲኸን ወጺአን።

እዚ ወጽኢት፡ ካብ ሊቨርፑል ሓንቲ ጸወታ ልዒላ ዘላ ኣርሰናል፡ ፍልልያ ካብ 12 ናብ 11 ጥራይ ኣጉዲላቶ ኣሎ። እዚ ማለት፡ ዋንጫ ናይ ምልዓል ዕድላ መሊሱ ዘቐህም እዩ፣ ምኽንያቱ፡ ሊቨርፑል ብዘውሓደ ኣብዘን ተረፈናአ ዘለዋ ሸሞንተ ግጥማት ኣርባዕተ ጸወታታት ጥራይ ብምዕዋት፡ ጸዋእ ክተልዕል ትኽእል እያ።

'መድፍዐኛታት' ዝብል ቅጽል ስም ዘለዋ ኣርሰናል፡ ኣብዘን ዝሓለፈ ክልተ ዓመት-ስፖርት፡ ሓንቲ ካብዘን ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ናይ ምልዓል ተኽእሎ ዝበረን ክለብት እያ። ሎሚ ዓመት'ውን ተመሳሳሊ፡ ምስ ሃንደበታዊ ምጉዳል ብቐዓት ማን ሲቲ፡ ክሳብ መወዳእታ ምስ ሊቨርፑል እናተወዳደረት ጸዋእ ከተልዕል ተፆሚታ ነይራ።

እንተኾነ፡ ሕጂ'ውን ኣብዘን ነጥቢ ክትከስበለን ዝያዳ ዕድል ዝሀልዋ ግጥማት፡ ነጥቢ ብምጥፋኣ ብሊቨርፑል ጊሬሕ ጋግ ክትጸሪፋ ክኢሉ። እዛ ጋንታ፡ በዚን ሓሙሽተ ዓበይቲ ክለብት እዚ ሊግ (ንሳ ሻዱሽይተን) - ማን ሲቲ፡ ማን ዩናይትድ፡ ሊቨርፑል፡ ቸልሲን ቶተንሃምን ካብ ዘይትንበርከኽ ኣሰታት ክልተ ዓመት ኮይኑ ኣሎ። እተርእዮ ጸወታ፡ ቅልጡፍ መጥቃዕቲን ወሁድ ምክልኻልን ብምምርር ትጻወት። ኣብዘን ብተቐማጢ ነጥቢ ክትእከበለን ዝለዓለ ግምት ዝወሃበን ጸወታታት ግና፡ 'መድፍዓ' ወጽኢታዊ ኮይኑ ኣይወፅልን ዘሎ።

---

## ተጻወትቲ ሪያል ማድሪድ ተቐጺዖም



ኣርባዕተ ተጻወትቲ ሪያል ማድሪድ፡ ዝመጽእ ሰሉስ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ኣንጻር ኣርሰናል ክጻወቱ ናጻ ምዃኖም ተሓቢሩ - ወላኳ ሰለስተ ካብኣቶም ብዩኤፋ እንተተቐጽዑ።

ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ማለት ዩኤፋ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ልዕሊ ኣንቶንዮ ሩዲገር፡ ኪሊያን ምባፐ፡ ቪንሽየስን ዳኒ ሰባዮስን መርመራ ምጅማሩ ሓቢሩ ነይሩ።

እዞም ተጻወትቲ፡ ኣብቲ ኣብ ሜዳኦም ንኣትሌቲኮ ማድሪድ ብፍጹም ቅላዕ ሰዒሮም ዝሓለፉሉ ናይ ዙር 16 ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ናብ ደገፍቲ ኣንጻር ጋንታ ዝቐንዐ ተግባራት ምርኣዮም እዮም ተኸሲሶም።

እዚ ማሕበር፡ ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዘወጾኦ መግለጺ ድማ፡ ብዘይካ ጉድለት ዲሲፕሊን ኣይገበረን ንዝበሎ ቪንሽዩስ፡ ንሰለስቲኦም "መሰረታዊ ሕግታት ጭዋ ኣካይዳ" ጥሒሶም ብምባል ቀጺዕዎም ኣሎ።

ኣብ እዋን ጸምብል ብኢዱ ገይሩ ኣብ ከቢድ ክሳዱ ናይ ማሕረድቲ ምልክት ዝርኣየ ሩዲገር፡ ብበሕታዊ ኣካሉ ኣጸያፊ ምልክት ንዝገበረ ምባፐን ናይ ሓደ ጸወታ መቕጻዕቲ ተወሲኑሎም ኣሎ። ብተኸታታሊ 40ን 30ን ሽሕ ዩሮ ክኸፍሉ'ውን እቲ ማሕበር ወሲኑ። ንስጳኛዊ ኣከፋፋሊ - ሰባዮስ ድማ 20 ሽሕ ዩሮ ቀጺዑዎ።

እዚ ይኹን ግና፡ ናይ ሓደ ጸወታ መቕጻዕቲ ሩዲገርን ምባፐን ኣብ ዝሰዓበ 12 ኣዋርሕ ናይ ፈተና እዋን ዝጸንሕ እዩ፣ እዚ ማለት፡ ኣብ ቀዳማይ እግሪ ጸወታ ርብዒ ፍጻመ ክጻወቱ ብቑዓት እዮም። እዚ ኸኣ፡ ነቲ ማድሪድ ብዘይወሰኑቲ ተጻወትቲ ክትጻወት ትኽእል እያ ዝብል ዝበረ ግምታት ኣብሪንዎ ኣሎ።

ብመንጽር'ዚ፡ እዞም ወሰኑቲ ተጻወትቲ ክጎድሉ ዘይትጽልእ ኣርሰናል፡ ንዑኦም ኣብ ግምት ዘእተወ ስልቲ ክትሕንጽጽ ተቐሲባ ኣላ። ቀዳማይ እግሪ 8 ሚያዝያ ኣብ ሜዳ ኣርሰናል ዝቐደደ ኮይኑ፡ ካልኣይ እብረ 16 ሚያዝያ ኣብ ስታድዮም ማድሪድ ክሰላሰል እዩ።

## ሙሲያላ፡ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ

ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወትቲ ባየር ሙኒክ ዝኾነ - ጃማል ሙሲያላ፡ ብሰሪ ናይ ጭዋዳ ጸገም፡ ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ሸሞንተ ሳምንቲ ካብ ጸወታ ክእለ እዩ - ብማሰረት ጸብጻብት።

እዚ ጀርመናዊ ዓርቢ ምሸት ንኣገስበርግ 3-1 ኣብ ዝሰዓርሉ ጸወታ እዩ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። በዚ ድማ ኣብቲ ሰሉስ ምሸት ንኢንተር ሚላን ዓዲሞም ዘሰላስልዎ ናይ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣብርክቶ ኣይክህልዎም እዩ።

## ሙለር፡ ካብ ሙኒክ ክፋኖ እዩ

ጉዱም ተጻዋታይ ባየር ሙኒክ - ቶማስ ሙለር፡ ድሕሪ ምዝዛም እዚ ወቕቲ ካብ ክለቡ ክፋኖ ምዃኑ ኣፍሊጡ።


ኣብ ዓመት 2000 ናብ ማሰልጠኒ ማእከል እዛ ጋንታ ዝተጸንበረ - ሙለር፡ ኣብ 2008 ንቓብዩ ክሉብ ክጻወተላ ጀሚሩ። ዛጊት ኣብ ኩሉ ውድድር 743 ብምጽዋቱ ከኣ 'ዝበዝሐ ግጥማት ዝወከለ' ተባሂሉ ኣብ ቅድሚት ተሰሪዑ ኣሎ፣ ብ247 ሽቶታት'ውን ሳልሳይ ዝለዓለ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ወዲ 35 ዓመት እናከፋፈለ ዘጥቅዕ ጀርመናዊ፡ 12 ናይ ቡንደስሊጋን ክልተ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝርከብዎም 33 ዋንጫ ኣልዒሉ። ድሕሪ'ዚ ናይ 25 ዓመታት ጉዕዞ ድማ፡ "ዝደነቐ ጉዕዞ፡ ፍሉይ ተመኩሮ፡ ዓበይቲ ግጥማት፡ ዘይርስዑ ዋንጫ" ብምባል ድማ ይወጽእ ምህላዉ ትማሊ ሓቢሩ።



ንኣበርክቶኡ ዘመስገኑት ሙኒክ፡ ናይ መወዳእታ ግጥሙ ኣብቲ ዝመጽእ ወርሒ ስለ ዝኸይድ 'ዋንጫ ክለብት ዓለም' ምኻኑ ኣፍሊጣ ኣላ። እዚ ውድድር ፈለማ ግዜኡ 32 ክለብት ዓለም ሒዙ፡ ካብ 15 ሰነ ክሳዕ 13 ሓምለ ኣብ ኣመሪካ ክሰላሰል እዩ።

## ሲቲ፡ ንደ ብሩይነ ሓወልቲ . . .



ማን ሲቲ፡ ንብሉጽ ተጻዋታይ - ኬቨን ደብ ብሩይነ ኣብ ኣፍደገ ስታድዮማ ሓወልቲ ክትሰርሓሉ መደባ ምህላዉ ተሓቢሩ።

ኣብ 2015 ናብዛ ጋንታ ዝተጸምበረ - ደ ብሩይነ፡ ኣብዚ ወቕቲ ውዕሉ ምስ ዛዘመ፡ ናይ ሓደ ዕቑድ ጸንሒቱ ወዲኡ፡ ክፋኖ ምኻኑ ዝሓለፈ ዓርቢ ሓቢሩ እዩ። ጋንታኡ ድማ፡ ምስ ወጽአ ንኽብሩ ኣብ ኣፍደገ 'ኢቲሓድ' ሓወልቲ ክትሰርሕ ተዳልያ ኣላ።

በዚ ድማ፡ እዚ ቤልጅዩማዊ ወዲ 33 ዓመት ብሉጽ ኣከፋፋሊ፡ ንናይ ደቂ ጋንታኡ ቪንሰንት ኮምፓኒ፡ ዳቪድ ሲልቫን ሰርጆ ኣጓዌሮን ሰዒቡ፡ ሓወልቲ ዝተሰርሓሉ ኸኸውን እዩ - ኣብ መፈጸምታ ምስ በጽሐ። ካብ 1960-1970 ተጻወትቲ እዛ ጋንታ ዝነበሩ - ኮሊን በል፡ ማይክ ሱመርቢን ፍራንሲስ ሊንን እዋን፡ ኣቐዲሙ ሓወልቲ ተሰሪሑሎም እዩ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ዋንጫ ናጽነት ዞባ ማእከል ናይ ደቂ ተባዕትዮ ካልኣይ እብረ**

ደንደን - ማይ ተመናይ
2፡00ድ.ቀ
ኣስመራ በራ - ጎዳይፍ
4፡00 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ**

ቶተንሃም - ሳውዝሃምፕተን
4፡00 ድ.ቀ
ብረንትፍሮድ - ቸልሲ 4፡00 ፋልሃም - ሊቨርፑል 4፡00 ድ.ቀ (ቻነል 2)
ማን ዩናይትድ - ማን ሲቲ
6፡30 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ሮማ - ጁቬንቱስ 9፡45 ድ.ቀ

**ጽግሕ**

ሊስተር - ኒውካስል 10፡00 ድ.ቀ

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ሮሻ
ፋርማሲ ሰናይ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም

ዕለት
06/04/2025

ጎደና
ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ጥቓ ፋብሪካ ምስሞር (ጉዳይፍ)
ጎደና ዓዲ ኣቤይቶ ቁ.89፡ ትሕቲ ቤ/ት ማርቲ ንሉተር ኪንግ
ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 17

ቁ.ስልኪ
181048
08370129
122350

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services